መጽሓፍ ቅዱስ ንህጻናት

# እቲ ካብ ውሑጅ ዝደሓነ ልኡል



ጸሓፊ :- Edward Hughes

ገላጺ :- M. Maillot; Lazarus
Alastair Paterson

ኣወሃሃዲ፤ M. Maillot; Sarah S.

ትርጉም ፥ Daniel Efrem

ኣባዛሒ:- Bible for Children
www.M1914.org

©2022 Bible for Children, Inc.
ፍቓድ፤ ምቅዳህን ምብዛሕን እዚ ዛንታ ፍቑድ እዩ።
ኣብ መሸጣ ክሳዕ ዘይወዓለ፤

ቀዳማይ ሚኒስተር ዮሴፍ ድማ ሞተ! ኲላ ግብጺ ከኣ ምስ ስድራቤት ዮሴፍ ሓዘነት። ኣምላኽ ንዮሴፍ እቲ እብራዊ ንኲላ

ግብጺ ካብቲ ዝነበረ ጥሜት ከድሕና ተጠቀመሉ። ንሱ ጥበበኛን ኣብ ኲሉ ድማ ፍቱው ነበረ። ሕጂ ግን ዮሴፍ የሎን።



ድሕሪ ሰለስተ ሚእቲ ዓመታት ድማ ናይ ዮሴፍ ሕዝቢ፡ እቶም እብራውያን፡ ኣብ ግብጺ ብዙሓት ኮኑ። እቲ ሽዑ ዝነበረ ሓድሽ ፈርኦን ድማ ኣንጻሩ ንከይልዓሉ፡ ንኩላቶም ባሮት ገበሮም።



ንጉስ ፈርኦን ነቶም እብራውያን ብጭካነ ይሕዞም ነበረ። ብዙሓት ዓበይቲ ከተማታት ክሰርሑ ከኣ ይግድዶም ነበረ፡፡ ዋላእኳ ከቢድ ስራሕ የስርሖም እንተነበረ፡ ንሳቶም ኣዝዮም ይበዝሑ ነበሩ።



ሓደ መዓልቲ ሓደ ኣዝዩ ዘፍርሕ ሕጊ ካብ ንጉስ ፈርኦን ወጸ። "ኩላቶም ዝተወልዱ እብራውያን ህጻናት፡ ናብ'ቲ ዓብይ ናይል ዝብሃል ውሕጅ ደርብይዎም" በለ። እቲ ጨካን ፈርኦን ብከም'ዚ ብዝሒ ናይቶም እብራውያን ከግድሎ ሓሰበ፡



"እንታይ ንግበር?" ተበሃሃሉ ሓንቲ ስድራ ሓደ መዓልቲ።
ንወዶም ኣብ ማይ ዘየእቱ ዘንቢል ገይሮም ኣብቲ ውሑጅ
ክድርብይዎ ድማ ወሰኑ።



ነቲ ህጻን ተሸኪማ፡ እታ ንእሽተይ ናይ ዘንቢል ጃልባኡ ኣብቲ ናይቲ ውሑጅ ሰልሰላ ተንሳፍፍ ነበረት። ነዚ ንእሽተይ ህጻን እንታይ ኮን የጋጥሞ ይኸውን!??



ካብቲ ህጻን ርሕቕ ኢላ ሓፍቱ ናበይ ከም ዝኸይድ ትኸታተሎ ነበረት።



ኣጋጣሚ ጓል ንጉስ ፈርኦን ምስ ኣገልገልታ
ኣብኡ ትሕጸብ ነበረት። ከይርኣየቶ ካብቲ
ቦታኣ እንተ ዘይከይዳ፡ ከተልዕሎ
ትክእል እያ፡፡



"ኣ! ርኣይዎ ዘንቢል፡ ኣብቲ
ሰልሰላ እንሀለ። እንታይ ኮን
ይህልዎ ይኸውን!?"በለት ጓል
ፈርኦን ከምጽእላ እናኣዘዘት፡፡
ምስ ከፈተቶ -እቲ ህጻን
ክበክይ ጀመረ፡፡ "እብራዊ
ህጻን እዩ" በለት።



"መስኪን! ክጽብቅ ከኣ!" ጓል ፈርኦን ልክዕ ከም ውላዳ ክትዕልሎ ጀመረት፡፡ ምናልባት ብናይ ግብጻውያን ቋንቋ "ኦቼ- ኮቼ ኮኦሙስ" ኢላቶ ትከውን።



ኣምላኽ ድማ ንሓፍቲ እቲ ሕጻን ፍሉይ ጥበብ ሃባ። ናብ ጓል ፈርኦን ከይዳ ድማ "ነዚ ህጻን ምግዚት ኮይና እትከናኸነልኪ ሰበይቲ ዶ ክደልየልኪ?" በለትታ። እቲ መልሲ "ከዲ ድለይለይ" እዩ ነይሩ። ንመን ኮን ተምጽኣላ ትከውን . . .!



"ኣደይ! ንዒ ቀልጥፊ! ቀልጥፊ እባ!" ፡ እታ ሕጻን እንታይ ከምዘጋጠመ ክትነግራ ግዜ ኣይነበራን። ክልትኤን ድማ እናጎየያ ከዳ።



ናብቲ ውሑጅ ምስተመልሳ ከኣ፡ ጓል ፈርኦን ነቲ ቆልዓ ሓቝፋቶ ነበረት። "ነዚ ቆልዓ ተኸናከንለይ፡ ኣነ ከኣ ክኸፍለኪ ኢየ" በለታ፡፡ "ሽሙ ከኣ ሙሴ በልዮ" እታ ጓል ንጉስ ሽም ኣውጻትሉ፡ ትርጉሙ ከኣ 'ካብ ማይ ዝወጸ' ማለት'ዩ።



ብኸምዚ ከኣ ሙሴ ናብ ወለዱን ቤቱን ተመልሰ፡፡ ንሳቶም ድማ ንኣምላኽ ክፈርህን ንሕዝቡ፡ እብራውያን፥ ክፍቅርን ነገርዎ። ድሒሩ ሙሴ ኣብ ቤተ መንግስቲ፡ ምስ ጓል ንጉስ ክቕመጥ እዩ፡፡ እቲ ካብ ማይ ዘድሓኖ እምላኽ፡



ጽቡቕ ንመጻኢ ሓሲብሉ ነበረ።

# እቲ ካብ ውሑጅ ዝደሓነ ልኡል

ዛንታ ካብ ቃል እግዚኣብሄር። መጽሓፍ ቅዱስ

ዘጽኣት 2

“ምኽፋት ቃልካ የብርህ ንገርህታት ኣእምሮ ይህብ።” መዝሙር 119፣130

# መፈጸምታ

እዚ መጽሓፍ ብዛዕባ እቲ
መደነቕ እግዚኣብሄር ኣምላኽ እዩ ዝነግር፣

ቃል ኣምላኽ ኩልና ሓጢእና ክብሪ ኣምላኽ ከም ዝሰኣና ይነግረና፣ ዓስቢ ሓጥኣት ሞት እዩ። ውህበት ጸጋ ኣምላኽ ግና ብየሱስ ክርስቶስ ጎይታና ናይ ዘለኣለም ህይወት እዩ፣ ንሕና ግና ሓጥኣን ከሎና ክርስቶስ ኣብ ክንዳና ሞይቱ እዩ እሞ ኣምላኽ ኣታ ፍቕሩ ንኣና ብዚ የርኢ ኣሎ፣ እንተ ንየሱስ ክርስቶስ ከም ጎይታናን መድሓኒናን ተቐቢልናዮ ንሱ ካብ ኩሉ ሓጥያትናን ኣበሳናን እቕረ ክብለልና እሙንን ጻድቕን እዩ፣

ኣምብኣረይ ሕጂ እዚ ጸሎት እዚ ብሓባር ንጸሊ!
"ኦ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ብሓጥያተይ ይእመን ኣለኩ። የሱስ ወዲ ኣምላኽ ኣብ ክንዲ ሓጥያተይ ከምዝሞተለይን ካብ ምውታት ድማ ከም ዝተንሰኣን እኣምን ኣለኹ፣ ኦ ጎይታ የሱስ ካብ ኩሉ ሓጥያተይ ምሕረት ክትገብረለይን ሓድሽ ሂወት ክትህበንን ይዕድመካ ኣለኹ፣ ካብዚ ሰዓት ጀሚረ ውሉድ ኣምላኽ ክኸውን መሰል ስለ ዝሃብካንን ሓድሽ ፍጥረት ስለዝገበርካንን የመስግነካ ኣለኹ፣" ኣሜን፣

ቃል ኣምላኽ ነንብብ ምስ እግዚኣብሄር ድማ ኩሉ ሳዕ ንዘራረብ! የውሃንስ 3፡16